# ሕጊ ሰብኣዊ መሰላትን እምነትን (ሃይማኖታዊ ስራሕ)

- ናይ ኦንቴርዮ ሕጊ ሰብኣዊ መሰል (ኮድ)፡ ኣብ ማሕበረሰብ፣ ዓሌት፤ ሃይማኖት፡ ወይ ካልኦት መለለዪ ዝተመርኮሰ፡ (ብመሰረታዊ መሰል ተባሂሉ ዝፍለጥ)፡ ኣድልዎ ከይግበር፡ መሰላት ዝሕሉ ሕጊዩ።
- እዚ ሕጊዚ፡ ኣብ 17 መሰረታዊ ሕግታትን፡ ኣብ 5 ብሕጊ ዝተሓለዉ ኩነታት ማሕበረሰብን ብምምርኳስ፡ ዝግበር ኣፋላላይን ኣድልዎን ዝኽልክል ሕጊዩ።
- እዚ ሕጊዚ፡ ኣብ መሰላት ስራሕን፣ ኣባይትን፣ ውዑልን፣ ንብረትን፣ ኣገልግሎታትን፣ መሳለጥያታትን፣ ኣባልነት ሞያዊ ማሕበራትን፡ ናይ ንግዲ ማሕበራትን፡ ምዕሩይ ዝኾነ ኣተሓሕዛ ከምዝህሉ ይገብር።
- አዚ ሕጊዚ፡ ትካላትን ወሃብቲ ኣገልግሎታትን (ናይ ንግድን፣ ምኽስብ ኣልቦን፡ መንግስታውን)፡ ወሃብቲ ኣስራሕን፡ ንኹሎም ሰራሕተኛታትን፣ ዓመዊልን፣ ብወለንታ ዝሰርሑን፡ ማዕረ ዝዝኾነ መሰልን ዕድላትን ከም ዘቕርቡ ይገብር።
- እዚ ሕጊዚ፡ ዝተፈላለዩ ናይ ዓሌትን፣ ሃይማኖትን፡ መበቆልን፣ ማሕበረሰብኣዊ ድሕረ-ባይታን፡ ዘለዎም ሰባት፡ ዝተፈላለዩ ድሌታን ሕቶታትን ከምዘለዎም ይኣምን። ነዚ ከተውሕስ ከኣ፡ ማሕበረሰብ፡ ኣብ ኣገልግሎታትን፣ ስራሕን፣ ኣባይትን፣ ካልኦት ማሕበረሰብኣዊ ኩነትን፡ ክሳተፉ ዕንቅፋት ዝኾኑ ኩሎም ከተልግስ፡ ብኹሉ ሓይላ ትጽዕር።
- እዚ ሕጊዚ፡ ኩሎም መምርሒታትን፣ መደባትን፣ መስርሒታትን፡ ኣብተን 5 ብሕጊ ዝተሓለዋ ኩነታት ማሕበረሰብ፡ ኣድልዎን ኣፈላላይን ከይህሉ: ከም ዝከላኸሉን፡ ከም ዘጥፍኡን ኰይኖም ከም ዝቕርቡ፡ ይገብር።
- እዚ ሕጊዚ፡ ንማሕበራትን: ንወሃብቲ ስራሕን፡ ንግፍዒ ክከላኸሉ ደኣምበር፡ ንኸይጽመሙ፤ ከምኡ'ውን፡ ኣብ ልዕሊ ገበርቲ ግፍዒ: ቅልጡፍ ስጉምቲ ከምዝወስዱ፡ ይገብር።

**<u>ብሕጊ ዝተሓለዉ ኩነታት ማሕበረሰብ:</u>**
እዚ ሕጊዚ፡ ኣብዘን ዝስዕባ መሰረታዊ ኩነት፡ መሰረት ብምግባር፡ ዝኾነ ይኹን ኣፋላላይን፡ ግፍዕታትን ንኸይህሉ ይገብር፥

- ዕድመ
- ሱር ወለዶ፤ ሕብሪ-ቖርበት፤ ዘርኢ
- ዜግነት
- መበቆል
- ትውልዲ ቦታ
- እምነት
- ስንክልና
- ደረጃ ስድራ ቤት
- ኩነታት መርዓ/ሓዳር (ዘይምርዕዋት ሓዊስካ)
- ጾታዊ መንነንት፤ ጾታዊ መግለጺ
- ተቐባል ድጋፍ ካብ መንግስቲ ብምኳን (ብፍላይ ናይ ኣባይቲ)
- ጾታ (ብፍላይ ነፍሰ-ጾርን ኣጥበውትን ስለ ዝኾና ጥራሕ)
- ጾታዊ ዝምባሌ።

**<u>ብሕጊ ዝተሓለዉ ማሕበራዊ ኩነት፥:</u>**

- መሰል ናይ መምበሪ ገዛ
- መሰል ናይ ስራሕ
- መሰል ናይ ውዑል
- መሰል ናይ ንብረትን፣ ኣገልግሎታትን፣ መሳለጥያታትን
- መሰል ናይ ኣባልነት ሞያዊ ማሕበራትን፡ ናይ ንግዲ ማሕበራትን

**ግቡእነት ምሕላው መሰላት ምስልሳልን ምጥጣሕን፥** እዚ ሕጊዚ፡ ክሳብ ዘይኣድላዪ ሳዕቤናትን፡ ጸገማትን ዘየኽትል ዝኾነን፡ ነቲ በዚ ሕግዚ ዝተሓለወ ድልየታት ኩሎም ሰባት ከማልእ ጻዕሪ ክገብር የሓትት። ግቡእነት ምሕላው መሰላት ምስልሳልን ምጥጣሕን ማለት፡ ኩሎም ወሃብቲ ስራሕ፣ ኣቕረብቲ ኣገልግሎታት፣ ወነንቲ ገዝውቲ ክራይን፡ ንኹሎም እቶም በዚ ሕግዚ ዝተሓለወ ድልየታት ከማልኡ፡ ግድነቶም ከምዝዝኾነ ይገልጽ። እዚ ግቡእነት ምሕላው መሰላት፡ ሰባት ዝተፈላለዩ ድልየታትን፡ ዝተፈላለዩ ምፍትሒ ናይ ድልየታቶም ከምዘለዎም ይኣምን። ንኣብነት፡ ሓንቲ ኣብ ፋብሪካ ትስርሕ ኣስላመይቲ፡ ንእትኽተሎ እምነት ስለ ዝጻረር፡ ንወግዓዊ ስነ- ኣለባብሳ ናይታ ፋብሪካ፡ ምናልባት ከይትኽተል ትኽእል። እዚ ሕጊዚ፡ ነታ ፋብሪካ፡ ክሳብ ዓቢ ናይ ጥዕናን ድሕንነትን ሓደጋ ዘኸትል ዘይኮነን፣ ክሳብ ዘይኣድላዪ ሳዕቤናትን፡ ጸገማትን ዘየኽትል ዝኾነን፡ ንሃይማኖታዊ ግድነታ ከተማልኣላ፡ የገድዳ።

**ዘይኣድላዪ ምስልሳልን ምጥጣሕን፥** ወሃብቲ ስራሕ፣ ኣቕረብቲ ኣገልግሎትን: ወነንቲ ቤት ክራይን፡ እንተደኣ ዝቐረበሎም ሕቶ ምስልሳልን ምጥጣሕን፡ ንስራሖም፡ ዘይዓቕሞም ዝኾነ ወጻኢታት ዝሓትት ኰይኑ፤ ወይ ከኣ፡ ንድልየታት ሰራሕተኛታት መልሲ ክህቡ፡ ናይ ደገ ፊናንሲኣዊ ሓገዝ ዘይረኽቡ ኰይኖም፣ ወይምውን፡ ዝቐረበሎም ሕቶ፡ ዓቢ ናይ ጥዕናን ድሕንነትን ሓደጋ ዘኽትል ኰይኑ፡ ንዝቐረበሎም ሕቶ ምስልሳልን ምጥጣሕን፡ ክነጽግዎ፡ መሰል ኣለዎም።

# ሕጊ ሰብኣዊ መሰላትን እምነትን (ሃይማኖታዊ ስራሕ)

**እምነት እንታይ ማለት ኢዩ፡**

ናይ ኦንቴርዮ ሕጊ ሰብኣዊ መሰላት፡ ንእምነት ወይ ንሃይማኖት፡ ብስፍሑ ዝበለ መልክዕ ኢዩ ዝርድኦ። እዚ ሕጊዚ፡ ንሃይማኖት ከም "ዝተኣምነ ስርዓትን፡ ናይ እምነት መግለጽን ምዃኑን፡ እምነትን ኣምልኾን ዘጠቓልል" ጌሩ የገልጾ።

**ኣብ ሃይማኖት ዝተመርኮሰ ኣፋላላይ**

- ሰባት፡ ኣብ ሃይማኖቶምን፡ እምነቶም ዝተሞርኮሰ ኣድልዎ ወይ ኣፋላላይ ኣጋጢምዎም ይኸውን። እዚ ነቶም ሃይማኖት ዘይብሎምውን የጋጥሞም ኢዩ።
- ገሊኦም፡ ብሰንኪ ሃይማኖቶምን፡ ግብሪ እምነቶምን፡ ኣብ ቦታ ስራሕን፡ ኣብ ምንዳይ ኣባይቲ ክራይን፡ ኣብ ዝተፈላለዩ ኣገልግሎታትን፣ ኣባላት ናይ ኣብ እምነት ዝተርመርኮሰ ማሕበራት ስለ ዝኾኑን፡ ኣድልዎን ኣፋላላይን የጋጥሞም ኢዩ።
- ኣብነታት ናይ ኣብ ሃይማኖት ዝተመርኮሰ ኣድልዎን ኣፋላላይን፡ ከም ኢስላሞፎቢያ፣ ዜኖፎቢያን፡ ጸረ-ሴማውነትን ፡ ክጥቀሱ ይከኣል።
- ኣብ ትሕቲ እዚ ሕጊዚ፡ ትካላትን ወሃብቲ ኣገልግሎታትን (ናይ ንግድን፣ ምኽስብ-ኣልበን፡ መንግስታውን)፡ ክሳብ ዘይኣድላዪ ሳዕቤንን ጸገም ዘየምጽእ ዝኾነ፡ ናይ ሰባት ሃይማኖትን ግብሪ እምነትን፡ ከሰላስሉን ከጣጥሑን፡ ሕጋዊ ግድነት ኣለዎም። እዚ ማለት፡ ኩሎም ኣመንትን ሰዓብቲ ሃይማኖትን፡ ኣብ ማሕብረሰብ ንጡፋት ኣባላት ማሕበርሰብ ክኾኑን፡ ኣብ ኩሉ ኣገልግሎታትውን ክሳተፉን፡ ኩሉ ብሰንኪ ሃይማኖትን ግብሪ እምነትን ዝመጽእ መኸላእታት፡ ንኸልግሱ፡ ጻዕሪ ምግባር ኢዩ።

**<u>ኣብነታት ናይ ንኣስላም ክግበር ዝከኣል ምስልሳልን ምጥጣሕን</u>**

- ንጾም ሮመዳን ኣብ ግምት ምእታው
- ሕቶታት ሓሸማን፣ ኣልኮሆልን፡ ምቅራብ ሓላል መግብን
- ናይ ጸሎት ሰዓትን ቦታን፡ ኣብ ግምት ምእታው
- ኣብ እምነት ዝተርመርኮሱ ሕድገታት ምግባር ( ከም መደባት ትምህርትን፡ ምንቅስቓሳትን/ስራሕን)
- ሕግን ስርዓትን ስነ-ኣለባብሳ
- ሃይማኖታዊ በዓላትን፣ ንግዜኡ ካብ ስራሕ ምልጋስን፣ ኣምልኾን።

**ኣብነት ናይ ምስልሳልን ምጥጣሕን ግድነት**

ሓንቲ ኣስላመይቲ፡ ናይ ጸሎት ሰዓትን ቦታን እንተ ኣድለያ፡ ክሳብ ፍሉጥ ሳዕቤናትን ጸገማትን ዝፈጥር ዘይከነ፡ ይማላኣላ።

**<u>ምስልሳልን ምጥጣሕን ክግበረልካ ምሕታት፡ ሓላፍነትካ ኢዩ</u>**

- ምስልሳልን ምጥጣሕን ከምዘድልየካ ምግላጽ ( ዝበለጸ ብጽሑፍ)
- ነዚ ሕቶኻ ቅቡል ዝገብር፡ ብቑዕ ምኽንያት ምቕራብ። (ንኣብነት ናይ ሓኪም ምስክር ወረቐት)። እዚ ግን ምስቲ ሕቶኻ ዝዛመድ መግለጺ ክኸውን ኣለዎ)
- ንሕቶኻ መልሲ ንምሃብ ኣብ ዝግበር ዘተ ምስታፍ
- ንሕቶኻ ብቑዕ፡ ምላሽ ንምርካብ፡ ምስ ክኢላታት ምትሕብባር
- ዋላኳ ዝሓተትካዮ ምስልሳል: እቲ እትደልዮ እንተዘይኮነ፡ ንዝቐርቡልካ መፍትሒታት ምፍታን
- እንድሕሪ ደኣ ኣባል ማሕበር ሰራሕተኛታት ኰንካ፡ ኣድላዪ ዝኾነ ምኽርታት ክልግሱልካ ስለ ዝኽእሉ: ምስ ሓለፍቲ ናይዚ ማሕበር፡ ምራኽብ

**ባዛዕባ መሰል ደቂ ሰባት ብዝምልከት፡ ጥርዓን ወይ ክሲ፧**

ናይ ጥርዓን ወይ ናይ ክሲ ፋይል ክትከፍቱ እንተደለኹም፡ ኣብ [www.hrto.ca](http://www.hrto.ca) ክትከዱ ትኽእሉ።
ናጻ ናይ ተሌፎን መስመር ቁጽሪ 1-866-598-0322 ክትጥቀሙ'ውን ትኽእሉ
ናይ ቲቲዋይ (TTY) መስመር ቁጽሪ 1-800-855-0511 ክትጥቀሙ'ውን ትኽእሉ
ብዛዕባ ሰብኣዊ መሰልን፡ መሰል መንበሪ ገዛን፡ ዝያዳ ሓበሬታ ንምርካብ: ኣብ ናይ ኦንቴርዮ ኮሚሽን ሰብኣዊ መሰላት መርበብ ሓበሬታ: [www.ohrc.on.ca](http://www.ohrc.on.ca) ክትርእዩ ትኽእሉ።

**ናይ ቤት ክራይ ብዝምልከት ጥርዓን ከተቕርብ እንተ ደለኻ፧**

http://www.sjto.gov.on.ca/ltb ብምኻድ፤ ወይ ከኣ ኣብ ናጻ ናይ ተሌፎን መስመር ቁጽሪ 1-888-332-3234፤ ናይ ቲቲዋይ (TTY) መስመር ቁጽሪ 1-800-855-0511: ክትጥቀሙ'ውን ትኽእሉ

ኣብ https://www.hrlsc.on.ca/en/contact-hrlsc/contact-information ብምኻድ'ውን፡ ካብ ማዕከል ሰብኣዊ መሰላት: ሕጋዊ ሓበሬታ ክትረኽቡ ትኽእሉ። ወይ ብቑጽሪ ተሌፎን (416) 597 - 4900፤ ወይ ከኣ ኣብ ናጻ ናይ ተሌፎን መስመር ቁጽሪ 1-866-625-5179፤ ናይ ቲቲዋይ (TTY) መስመር ቁጽሪ (416) 597 4903: ክትጥቀሙ'ውን ትኽእሉ

**እዚ ሓበሬታዚ ካበይ ተረኺቡ፧**

ከም ሓደ ክፋል ናይ HUQUQ: Muslim Women's Human Rights Education and Awareness Project: ምስ ሃገራዊ ቤት ምኽሪ ካናዳውያን ሙስሊምን ብምምኽኻርን (National Council of Canadian Muslims): ብፍናንሲኣዊ ደገፍ ናይ ክፍሊ ካናዳዊ ሀሪቴጅን ( Department of Canadian Heritage)፡ ካብ ናይ ኪችነር ዋተርሉ ማሕበር ሙስሊም ደቂ ኣንስትዮ (The Coalition of Muslim women of KW)፡ ዝተረኽበ ኢዩ።